# <u>ብዕለት 14 መስከረም 2024 ዝነበር ኣኼባ ዝተወስደ ጽሑፍ/notes!!!</u>



ሰላም ክብራትን ክብራንን ከመይ ትኾኑ፤ ርሑስ ናይ ዮሃንስ-መስቀለ ቅንያት ይግበረልና። ብዕለት 14 መስከረም 2024 ዝተገብረ ናይ ማንዛ/ Zoom ኣኼባ ብዛዕባ ፈስቲቫል ድግሳ 2024 ገምጋም፤ ጸብጻብ ንምግባር ዝዓለመ ኣኼባ እዩ። ኣብታ ኣኼባ ጸዊዒትና ኣኽቢርኩም ዝተረኽብኩም እንዳመስገና ነቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዘይተርኸብኩም ትሕዝቶ ናይቲ ኣኼባና ከምዚ ዝስዕብ  እዩ ነይሩ።  ዛዕባታት ናይቲ ኣኼባ እዘን ዝስዕባ እየን ነይረን-)

- ❖ ሓጻር ጸብጻብ ናይ ፈስቲፋል ድግሳ 2024 ኣብ ሃገረ ጀርመን።
- ❖ ርኢቶታት/ሐሳብት ካብ ተሳተፍቲ።
- ❖ መጻኢ ፈስቲቫል ዝግበረሉ፤ቦታ፤ግዜን ንምውሳን።
- ❖ ኣዋሃዲት ሽማግለ ንመጻኢ ፈስቲቫል ድግሳ ንምምራጽ።

## <u>ሓጻር ጸብጻብ ናይ ፈስቲፋል ድግሳ 2024 ኣብ ሃገር ጀርመን</u>

ኣኼባና ብኽብርቲ ሐፍትና ኢልሰ ኣብርሃ ገ/እየሱስ ማእተዊ ብምግባር እዩ ተኸፊቱ። ኤልሳ ትሕቲ-ባይታ ኣጀማምራ ፈስቲቫል ድግሳ ከምይ ከምዝጀመረ ፤ ኣዋሃዲት ሽማግለ ምዓስ ከምዝተመዘት፤ እቲ ስራሐ እንታይ ከምዝነበረ፤ ዘጋጣማ ዝነበር ብድሆታት ዝብል ኣስፍሕ ኣቢላ ገሊጻ። ብምቅጻል ክቡር ሐው ገረኺዳን ገብረዝጊ ቀላቲ ንእሽቶ መእተዊ ብምግባር ስፍሕ ጸብጻብ ብምሃብ ዝነበረ ወጻኢታት ከምእውን ወጻኢታትና ብኸመይ ከምዝተሸፈነን ኣስፍሕ ኣቢሉ መብሪሂ ሂቡ። እቲ ኣታዊታት ካብ ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ዝተከፈለ ምኻኑ መብሪሂ ሂቡ ኩሉ እቲ ሕሳብ ተወራሪዱ እቲ ወጻኢታት ዳርጋ ምሉእ ንምሉእ ዝተሸፈነ ምኻኑ ሐቢሩ። ሕቶታት ካብ ተሳተፍቲ ኣኼበኛ ዝመጸ መልሲ ድማ ኣብሪሁ። ብምቅጻል ዘርኦም በየነ ተስፋጋቢር እቲ ስራሕ ካብ ሐላፍነት ዝተዋሃበና ዕለት ጀሚሮና ኣብ ቐጻሊ ምርኻብን ፤ሐላፍነት ወስድካ ዝተዋህበና ዕዮ ምፍጻም ብግዜ መንጽር ቀሊል ከምዘይነበር፡ እንተኾነ ኣሕዋትካ፤ ኣሓትካ ፤መንእሰያታትና፤ደቅናን ኩሉ ከም ሐደ ስድራ ታኣኺቡ ከዕልል፤ ክጻወት፤ ናፍቖቶም ከውጽ ምስ ትዓዘብና ዝህበና ባህታ፤ደስታ ወሰን ኣነበሮን ናይ ድኻምና ጻማ ስለዝኾነ ብጣዕሚ ደስ ኢሉና። ኣብዛ ፈላሚት ፈስቲቫልና ዝተርኸበ ልምድታት፤ተመኩረታት ንዝመጽእ ከምዝጠቅመና ኣይንጠራጠርን። እተን ዓበይቲ ነጥብታት/ቁምነገራት ካብዚ ፈስቲቫል ንመጻኢ ክሕሰበሉ ዘለዎ ውሑድ ካብቲ ብዙሕ እዘን ዝስዕባ ኣገደስቲ እየን ንብል።

- ተስተፍቲ ኣቀዲሞም ተመዝጊቦም ክፍሊታቶም ዝኸፍሉሉ መገዲ ምጥሕጣሕ።
- ብቕጽሪ ተሳተፍቲ ፈስቲኣቫል ምርኩስ ብምግባር ኣቀዲምኻ ባጀት budge ምውጻእ።
- ሐደ ጽፉፍ ንፈስቲቫል ዘገልግል ሕጊ ምድላው ንእብነት ካብ ፈስቲቫል ዝመጻእ መክሰብ ይኹን ክሳራታት ብኸመይ ክትሐዝ/ ክምሐደር ከምዘለዎ ኣቀዲምካ ምንጻር።

## <u>ርኢቶታት፤ ሐሳባት ካብ ተስተፍቲ ኣኼባኛ</u>

1. መሰል መንእሰያት ምሕላው፤ ፍሊይ ዝበለ መደብ መንእሰያት ምስርዕ፤ ኣብ ወጻኢ ዝተወልዱን ኣብ ኣዓዲ ዝተወልዱ ዝላለይሉ መድረኽ ምፍጣር።
2. ሐደ ስሩዕ ናይ መላለይ መድረኽ ምፍጣር።
3. መጋዓዝያ ካብ/ናብ ፈስቲቫል ሐላፍነት ዝወስዱ ሰባት ኣቀዲምካ ምውዛዕ።
4. ብዙሕ ምስጋና፤ ሐጎሶም፤ ብሐፈሽኡ ጽቡቕ ከምዝነበራ ዝገለጽሉ ኣጋጣሚ ድማ ነይሩ።

እቲ ለበዋታትኩም ኮነ ርኢቶታት እንዳመስገና ናብ ሐዳሽ ተመሪጻ ዘላ ኣዋሃሃዲት ሽማግለ ኣታሓላልፍና ኣሎና።

## መጻኢ ፈስቲቫል ዝግበረሉ ፤ ቦታ፤ ግዜን ምውሳን

ንዝመጽእ ፈስቲቫል ድግሳ ዝግበረሉ ቦታን ግዜን ድሕሪ ምዝታይ ተስተፍቲ ሐሳቦም ብምፍሳስ እተን ዝመርጽወን ሃገራት ብምጥቃስ ዝመርጽሉ ምኽንያት እንዳአብርሁ ሃገራት ሰይሞም። ብመሰረትብ ድምጺ ምርጫ ሃገረ ሽወደን/ Sweden ዝበዝሐ ድምጺ ብምርካብ ኣብ 2026 ኣብ ሽወደን ፈስቲቫል ድግሳ ክኸውን ተሰማሚዕና።

## ኣዋሃዲት ሽማግለ ንመጻኢ ፈስቲቫል ድግሳ ምምራጽ

ቀጺሉ ዝነበር ዛዕባ ድማ ኣዋሃዲት ሽማግለ ንመጻኢ ንፈስቲቫል ድግሳ ምምራጽ እዩ ከምቲ ልሙድ ኣገባብ ኣስማት ተረቚሑ ኣቶም ዝበዝሐ ድምጺ ዝረኸቡ ኣዞም ዝሰዕቡ ክብራት ክብራትንን ኣሕዋት/ኣሓት ተመሪጾም ኣለዉ።

1. ደበሳይ ገርኺዳን ብርሃነ ( ሽወደን)
2. ካሕሳይ ተስፋንኪኤል ባህታ( ካናዳ)
3. ብርኽቲ ደበሳይ ድራር ( ሕብራት መንግስታት ኣመሪካ)
4. ኣማን ሐድጉ ይመስገን ( ኖርወይ)
5. ተኽላይ ቀሺ ሞባእ ወልደስላሴ  ( ስዊዘርላንድ)
6. ተኽለብርሃን ሐድጉ ምሐረና ( ሆላንድ)
7. ግርማይ ዓንደማሪኣም ገረማርያም  ( ጀርመን)

ነዛ ሐዳሽ ዝተመርጸት ኣዋሃዲት ሽማግለ ጽቡቕ ናይ ስራሕ ግዜ ክኾነላ እንዳተመነና፡ 2026 ብሰላም ኣብ ሽወድን የራኽበና!!!

ጽሕፍ/Notes -)  ዘርኦም በየነ

ምስ ምሉእ ኣኽብረታዊ ሰላምታ!!!

መስከረም 16, 2024